# ምጥርናፍ
# ስድራ-ቤት

# መምርሒ ጽሑፍ ብዛዕባ ምጥርናፍ ስድራቤት

Røde Kors

ብመሰረት ድንጋገ ኢሚግሬሽን እዝባር 28፡ ኣብ ኖርወይ ዑቑባ ወይ ሓለዋ ስለ ዝረኸብካ ወይ ድማ ብመሰረት ድንጋገ ኢሚግሬሽን እዝባር 38፡ ኣብ ሰብኣውነት ዝተመርኮሰ መንበሪ ፍቓድ ስለ ዝረኸብካ እሞ ድማ ሕጂ ምስቶም ካብታ ዝመጻእካላ ሃገር ኮነ ካልእ ሃገር ሓዲግካዮም ዝመጻእካ ሕጋዊት ሰበይትኻ፡ ብዘይ ሕጊ ምሳኻ ትነብር ዝነበረት መጻምድትኻ፡ ውላድካ፡ ሓውኻ ኮነ ሓፍትኻ ንጥርናፈ ስለ ዝሓተትካን ከኣ እዚ ጽሑፍ ንዓኻ ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ።

ንጥርናፈ ቤተሰብ ብኸመይ ከም እተመልክትን ንቤተሰብካ ብኸመይ መንበሪ ፍቓድ ከም ትረኽበሎምን ኣብዚ ሓጺር ጽሑፍ ብቐሊሉ ክርድኣካ ብዝኽእል ኣገባብ ቀሪቡልካ ኣሎ። ማሕበር ቀይሕ መስቀል ከኣ ኣብ ግላዊ ጉዳያት ንሕጊ ዝምልከት ሓገዛት ኣይገብርን እዩ።

ኣብ ኖርወይ መንበሪ ፍቓድ ረኺብካ ካብ ወጻኢ ንዝርከቡ ኣባላት ስድራኻ ንምጥርናፍ ከተመልክት ምስ እትደሊ ኸኣ ክትፈልጦምን ክትሕልዎምን ዝግብኣካ ብዙሓት መምርሒታት ኣለዉ። እምበኣርከስ ነቲ መስርሕ ብዘይ ምድንጓያት ንኸትጅምሮ ነዞም መምርሒታት ክትምሃሮምን ከተጽንዖምን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ንኹሉ ጉዳያት ጥርናፈ ስድራ ዝምልከቶ ኣካል ድማ ዳይረክተር ኢሚግሬሽን-Utlendingsdirektortet- ምዃኑ ምጥቃስ ኣገዳሲ ኮይኑ ዝርዝራት ናይቲ መምርሒታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.udi.no ይርከብ።

ኣብ ጉዳያት ምጥርናፍ ቤተ-ሰብ ሕጋዊ ሐገዝ ኣብ ዘድለየኩም ግዜ ናብ SEIF ዝተባሃለ ንውጻእትኛታትን ስደተኛታትን ብነጻ ዝሕግዝ ትካል ብምቅራብ ሓገዝ ክትረክቡ ቲኽእሉ. ንሙሉእ ሓበሬታ
www.seifnorge.wordpress.com

ማሕበር ቀይሕ መስቀል ኖርወይ ኣካል ማሕበር ቀይሕ መስቀልን ፍርቂ ወርሒ ምንቅስቃስን ናይቲ ኣብ ዓለም ዝዓበየ ሰብኣዊ ትካል እዩ.ትካልና ኣብ ሰብኣውነት, ዘይሻርነት, ዘይጽግዕትኘት, ወለንትነት, ከምኡ ውን ሕድነት ዝብሉ መትከላት ዝተሰረተ አዩ.

ቀንዲ ሕመረት ዕማማትንና ን ብግጭትን, ባህርያዊ ሓደጋን, ፍልሰት ኣህዛብን ዝተባታተኑ ስድራቤት እንድገና ክጣራነፉ ደገፍ ምግባር አዩ.. አዚ ዕማም አዚ ካም ድህይ ምድላይ(ምእሳር), ናይ ምትርናፍ ስራሓት, ከምኡ ዕጫ ናይቲ ተፈኡ ዝሎ ምብራህ አዩ. ኣብ ኖርወይ ማሕበር ቁይሕ መስቀል ናይ ምድላይ ኣገልግሎት ይርህብ.

ንሙሉእ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ
www.rodekors.no/tilbudene/oppsporingstjenesten

# ሓበሬታ ብዛዕባ ኣመልካቲ

I ዝርዝር ትሕዝቶ

II ኣገዳስቲ ዕለታትን መምርሒታትን

III ደረጃታት ናይቲ መስርሕ

ጥርናፈ ምስ ሕጋዊት ሰበይትኻ/በዓልቲ ሓዳርካ

ጥርናፈ ምስ ውላድ ትሕቲ 18 ዓመት

ጥርናፈ ውላድ ልዕሊ 18 ዓመት

ንስኻ ትሕቲ 18 ዓመት ኴንካ ጥርናፈ ምስ ወለዲ ወይ ኣሕዋት ኮነ ኣሓት

ጥርናፈ ምስ ኣሕዋት ወይ ኣሓት

ጥርናፈ ምስ ካልኦት ቤተሰብ

IV መልሲ ክትደልየሎም ትኽእል ሕቶታት

V ኣገዳስቲ ቓላት

# ኣገዳስቲ መምርሒታትን ዕለታትን

**ቀጥዒ መእለዪ(መካየዲ) ወይ ቀጥዒ ምርግጋጽ ኣታዊ ንኽይምልከተካ**
ብመሰረት ድንጋገ ኢሚግሬሽን ወረቐት ፍቓድ ዝሓዝካ ስደተኛ ክትከውን ይግባእ። ንስኻ ወይ ኣባል ስድራኻ ማለት ሕጋዊት ሰበይትኻ ወይ በዓልቲ ቤትካ፡ ምሳኻ ብዘይ ሕጊ ትነብር ዝነበረት ወይ ዝተጻመደት ወይ ከኣ ውሉድካ፡ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ጥርዓንኩም ብኢንተርነት ኣቢልኩም ከተመዝግቡ ከምኡ ድማ ካብታ ንስኻ(ጠርናፊ) መንበሪ ፍቓድ ዝተዋሃብካላ ዕለት **ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ** ነቲ ናይ ጥርዓን ክፍሊት ክትከፍሉን ኣለኩም። እቲ ኣባል ስድራኻ ማለት ሕጋዊት ሰበይትኻ ወይ በዓልቲ ቤትካ፡ ብዘይ ሕጊ ምሳኻ ትነብር ዝነበረት ወይ ዝተጻመደት ወይ ከኣ ውሉድካ ድማ **ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት** ድሕሪዚ ዕለት ነቲ ጥርዓን ዘድሊ ነገራት ሒዙ ናብ ኤምባሲ ወይ ማእከል ቪዛ(ጥርዓን) VFS ብኣካል ክቐርብ ኣለዎ።

እቲ ጥርዓን ኣብ ኢንተርነት ተመዝጊቡ ክቐርብ ከምኡ ድማ እቲ ክፍሊት ከኣ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ክኸፈል ዝብል ቀጥዒ ነቶም ድሕሪ 1 ነሓሰ 2017 ዑቕባ ዝተዋህቦም ጥራይ ይምልከቶም። ቅድሚ እዚ ዕለት ዑቕባ ዝረኸብካ ምስ ትኸውን ግና እቲ ኣባል ስድራኻ ማለት ሕጋዊት ሰበይትኻ ወይ በዓልቲ ቤትካ፡ ብዘይ ሕጊ ምሳኻ ትነብር ዝነበረት ወይ ዝተጻመደት ወይ ከኣ ውሉድካ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ነቲ ጥርዓን ዘድሊ ነገራት ሒዙ ናብ ኤምባሲ ወይ ማእከል ቪዛ ክቐርብ ዝብል ቀጥዒ ጥራይ ይምልከተኩም።

### ሓላፍነት ሕጋዊ ውክልና

ነቲ ጉዳይ ኣብ ኖርወይ ኳንካ ብጽፉፍ ንኽትከታተሎ ድማ እቲ ቤተሰብካ ምሉእ ሓላፍነት ውክልና ክህበካ ንመክር። ሓላፍነት ምሉእ ውክልና ምስ ወሰድካ ኸኣ እቲ ጉዳይ ኣብ ዝርኣየሉ ብደብዳቤ ኣቢሉ ይበጽሓካ። እቲ ኣባል ስድራኻ ነቲ ጥርዓን ናብ ኤምባሲ ከቕርብ እንከሎ ንዓኻ ሓላፍነት ውክልና ክህበካ ድማ እቲ ዝሓሸን ዝቐለለን ኣገባብ እዩ።

### ክፍሊት ጥርዓን

UDI፡ ሓደ ሰብ ብኢንተርነት ኣቢሉ ንጥርናፈ ስድራ ከመልክት እንከሎ ክፍሊት ናይቲ ጥርዓን ምስኡ ክኸፍል ይጥለብ። ኤምባሲ ነቲ ጥርዓን ክቕበሎን UDI ድማ ነቲ መስርሕ ክጅምሮን ከኣ እቲ ክፍሊት ክኽፈል ይግባእ። እቲ ምኽፋል ነቶም ልዕሊ 18 ዓመት ዝኾኑ ጥራይ ዝምልከቶም ኮይኑ ነቶም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣይምልከቶምን እዩ።



# ደረጃታት ናይቲ መስርሕ

II

**1. ነቲ ጥርዓን ኣብቲ ናይ UDI ገጻት ተመዝግቦ፡**

እቲ ንጥርናፈ እትሓተሉ ዘሎኻ ሰብ ነቲ ጥርዓን ባዕሉ ከመዝግቦ ምስ ዘይክእል ንስኻ ካብ ኖርወይ ክትመልኣሉ ትኽእል ኢኻ።

ኣመልካቲ ግና እቲ እተመልከተሉ ዘለኻ እምበር ንስኻ ከም ዘይኮንካ ኣይትዘንግዕ።

- ናይቲ ንጥርናፈ እትሓተሉ ዘለኻ ሰብ ምሉእ ስም፡ ኣድራሻ፡ ድሕረ ባይታን ዝርዝራን ስድራቤትን ከምኡ ድማ ናትካ ተመሳሳሊ ሓበሬታን መዝግብ። ኩሉ እቲ እትምዝግቦ ኣስማትን ዕለታትን ከኣ ምስቲ ኣብ ፓስፖርት ኮነ ካልእ ሰነዳት ዘሎ ኣስማትን ዕለታትን ዝሰነ ክኸውን ይግባእ።
- እቲ ጥርዓን ምሉእ ንምግባሩ ኸኣ ምስ ኤምባሲ ወይ ማእከል ቪዛ VFS ቆጸራ ክትሕዝ ይግባእ። ኣብተን ኖርወይ ብኻልእ ሃገራት እትውከለለን ሃገራት ወይ ድማ ኣብ ኤምባሲ ሽወደን ወይ ዴንማርክ ብኣካል ምርካብ ዘድልየን ሃገራት ፍሉይ ምምዕርራይ ይግበር እዩ።
- እቲ ጥርዓን ምሉእ ንምግባሩ ኸኣ ንነፍሲወከፍ ልዕሊ። እቲ ክፍሊት ናይ ግድነት ብAXEPT VISA CARD ክግበር ኣለዎ።
- ንነፍሲወከፍ እቶም ጥርናፈ እትሓተሎም ዘሎኻ ኣባላት ስድራኻ ዝተፈልየ ጥርዓን ክትመልኣሎም ከም ዘድልየካ ኸኣ ኣይትረስዕ።

**2. ምስ ኤምባሲ ዝገበርካዮ መዓልቲ ቆጸራ ኣኽብር፡**

ቤተሰብካ ኣብቲ ኤምባሲ ወይ ማእከል ቪዛ ብኣካል ቀሪቡ ነቲ ብUDI ዝጥለብ ሰነዳት ከቕርብ፡ በቲ ኤምባሲ ንዝቐርበሉ ሕቶታት ክምልስን ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ከኣ ንምርመራ ዲኤንኤ ክተሓባበርን ይግባእ።

**3. መልሲ ካብ UDI ምጽባይ**

UDI ንኹሉ መስርሓት ጥርዓን ናይ ጥርናፈ ብኤሌክትሮኒካዊ መንገዲ የካይዶ። ኩሉ ጥርዓናት ከከም ኣመጻጽእኡ ብመስርዕ ይካየድ። ሳሕቲ ግና እቲ ጉዳይ ንዝያዳ ምርመራ ናብ ኤምባሲ ወይ ከኣ ፖሊስ ክሓቱኻ ኮነ ዲኤንኤ ምርመራ ንኸግበር UDI ምስ ዝጠልብ እቲ ጉዳይ ንድሕሪት ክምለስ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ እዋናት፡ እቲ ጉዳይ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ጥርዓንካ ንኽርእ ተባሂሉ ሓደ ኣላዪ ጥርዓን ምስ ዝምዘዝ ድማ እቲ ኣላዪ ጥርዓን ንኹሉ ዝቐረበ ወረቓቕቲ ብምርኣይን ነቲ ዝቐረበ ኩሉ ሓበሬታታት ምስቲ መምርሒታት ብምንጽጻርን ንጥርናፈ ስድራ ብቑዕ ምኺንካን ዘይምኺንካን ይገምግም።

**4. መልሲ ካብ UDI**

እቲ ዘቕረብካዮ ጥርዓን ንጥርናፈ ተቐባልነት ረኺቡ ኣወንታዊ ምላሽ ምስ ሰማዕካ እቲ ውሳኔ ብመልእኽቲ ፖስታ ክወሃበካ እዩ። መብዛሕትኡ እዋን ከኣ እቲ ኤምባሲ ነቲ ቤተሰብካ ይነግሮ እዩ። ቀጺሉ ዝስዕብ ከኣ እቲ ቤተሰብካ ናብ ኖርወይ ዘእትዎ ቪዛ ንምውሳድ ምስ ኤምባሲ ኖርወይ ቆጸራ ይሕዝ። UDI ንጥርናፈ ካብ ዝፈቐደልካ ዕለት ጀሚሩ ኸኣ እቲ ቤተሰብካ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናብ ኖርወይ ክኣቱ ኣለዎ። እቲ ኣባል ስድራቤትካ ብዝኾነ ምኽንያት ማለት ጽኑዕ ሕማም ወይ ከኣ ህጻን ዝጀመሮ ትምህርቲ ክውድእ ምስ ዝድለ እሞ ኸኣ ነዚ ቀጥዒ ግዜ ከማልኦ ምስ ዘይክእል ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንUDI ኣፍሊጥካ ክናውሓልካ ክትሓትት ከድልየካ እዩ። እዚ ኸኣ ብቴሌፎን ወይ ኤ-መይል ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ጥርዓን ንጥርናፈ ምስ ዝንጸግ ግና ምኽንያት መንጸገዙ ኣብቲ ውሳኔ UDI ይገለጽ እዩ። እቲ ጉዳይን ውሳኔን ዳግማይ ንኽረኣየልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡ ፡ እቲ ውሳኔ ዳግማይ ንኽረኣየልካ እትሓተሉ ናይ ግዜ ገደብ ከኣ እቲ ናይ UDI ውሳኔ ካብ ዝተዋሀበካ ዕለት ዝጅምር ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰምንታት እዩ። ኣብዚ ዝተባህለ ግዜ ምስ ዘይተቐርብ ግና መብዛሕትኡ እዋን UDI ነቲ ጉዳይ ዳግመ ግምት ኣይገብረሉን እዩ። ኣብ ውሽጢ እዚ ዝተባህለ ግዜ ጥርዓን ከተቕርብ ምስ ዘይትኽእል ድማ ምኽንያትካ ብንጹር ከተቕርብ ኣሎካ።

እቲ ጉዳይን ውሳኔን ዳግማይ ንኽርኣየልካ ምሕታት ቀሊል መስርሕ ጥራይ ዘይኮነ ኣቐዲምካ ክትፈልጦም ዘድልዩኻ ብዙሓት ሕግታትን መምርሒታትን ድማ ኣለዉ። ስለዚ ኸኣ ሓገዝ ከድልየካ እዩ። ሰልፍ-ሄልፕ ፎር ኢሚግራንትስ (SEIF) ከምኡ ድማ WWW.GRATISRETTSHJELP.NO ምስ ሕጊ ዝተኣሳሰር ኣገልግሎት ብነጻ ዝህቡ እዮም።

## ሓበሬታ ብዛዕባ ኣመልካቲ

- [ ] **1.** ካብይ ኣዩ ከመልክት(ሃገር,/ኣምባሳደር,/ብዛ ማእከል)
- [ ] **2.** ስም ኣባሓጎ/ ስም
- [ ] **3.** ዕለተ ልደት/ትውልዲ ከተማ, ቦታን ሃገርን
- [ ] **4.** ናይዚ ግዚዚ ዜግንትን ሞቦቅል ዜግነትን
- [ ] **5.** መራኽቢ ኣድራሻ ፡ ጎደና, ቦታ, ከተማ, ኢመይል, ቁጽሪ ተለፎን መን መእተዊ ኮድ
- [ ] **6.** ዋና ትምህርቲ,/ኣውደ-ትምህርቲ/ ብዝሒ ዕመታትን ናይ ትምህርቲ ቦታን
- [ ] **7.** ቋንቋ ኣደ/ ካላኦት መልኮም ቋንቋታትን
- [ ] **8.** ዝኾነ ገበናዊ ፍጻሜታት ኣጋጢሙ እንተነይሩ
- [ ] **9.** ናይ ኣመልካቲ መንቃሳቀሲ ወረቃቅቲ, ቁጽሪ ፓስፖርት, ዝጸንሓሉ ንውሓት ግዜ, ዝወጾ ባዓል መዚን ቦታን
- [ ] **10.** መልሲ ናብየናይ ቦታ ክላኣኽልካ ትደሊ
- [ ] **11.** ኣቀዲምካ ኣብ ክልል ሸንገን ተቀሚጥካ እንተነይርካ
- [ ] **12.** ኩነታት መርዓ
- [ ] **13.** ሰም ኣባሓጎ/ ስም/ዕለተ ልደት/ ዜግንትን/ ጾታ ወለዲ
- [ ] **14.** ሰም ኣባሓጎ/ ስም/ዕለተ ልደት/ ዜግንትን/ ጾታ ውሉድ

## ሓበሬታ ብዛዕባ ቲ ኣብ ኖርወይ ዘሎ

- [ ] **1.** ርክካ መስ ኣመልካቲ (መጻምድቲ, ውላድ, ሳምቡር ወ.ዘ.ተ)
- [ ] **2.** ዕላማ ናይ መመልከቲካ (ንኣብነት፤ ምትእኽካብ ቤተ ሰብ)
- [ ] **3.** ሰም ኣባሓጎ/ ስም/ዕለተ ልደት/ ኢመይል/ ቁጽሪተለፎ/ ኣድራሻ
- [ ] **4.** ኩነታት መርዓ

# ጥርናፈ ምስ


18 ምስ ሰበይትኻ

19 ምስ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ውላድካ

20 ምስ ልዕሊ 18 ውሉድካ

21 ምስ ወለድኻ ከምኡ ድማ ምስ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣሕዋትካን ኣሓትካን

22 ምስ ወለዲ፣ ንስኻ ልዕሊ 18 ዓመት ምስ ትኸውን

23 ኣሕዋትን ኣሓትን፣ ንስኻ ልዕሊ 18 ዓመት ምስ ትኸውን

24 ካልኦት ኣባላት ስድራ

# ምስ ሰበይትኻ

ኣብ ኖርወይ ከም ስደተኛ ተዓቒብካ ትነብር ምስ ትኸውን፡ UDI ነታ ንኽትጥርንፋ እትሓተላ ዘሎኻ ሰብ ፓስፖርት ሒዛ ክትቀርብ ኣይሓታን እዩ። ይኹን እምበር ፓስፖርት ከተቕርብ ምስ እትኽእል ረብሓ ኣለዎ። ኣብ ኖርወይ ከም ስደተኛ ኣፍልጦ ዘይተዋህበካ ምስ ትኸውን ግና ሰበይትኻ መረጋገጺ መንነት ከተቕርብ ትግደድ እያ። ሕጋዊ ፓስፖርት ምስ ዝህልዋ ኸኣ ከም መረጋገጺ መንነታ ተቐባልነት ኣለዎ።

**ንዓኻን ንሰበይትኻን ዝምልከተኩም ቅጥዕታት:**
ምስክር ወረቐት መርዓ፡ ናይ ክብሪ መዝገብ (መዝገብ ስድራ) ወይ ካልእ ሰነድ ዝምድናኹም።
ኣብ ኖርወይ ብሓደ ክትነብሩ መደብ ክህልወኩም ኣለዎ።
ክልቲኦም መጻምድቲ ናብቲ መርዓን ሓዳርን ብፍታዎም ዝኣተዉ ክኾኑ ኣለዎም።

**ስደተኛ ምስ ትኸውን ክህልወካ ዝግብኦ መጠን ኣታዊ፡**
ንኣታዊ ዝምልከት ቅጥዕታት ንኽይምልከተካ እቲ መርዓ ወይ ሓዳር ናብ ኖርወይ ቅድሚ ምእታውካ ዝገበርካዮ ክኸውን ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ጥርዓን ንጥርናፈ ካብታ ከም ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ ዝረኸብካላ ዕለት **ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት** ዝቐረበ ክኸውን ኣለዎ።

**ስደተኛ ምስ ዘይትኸውን ክህልወካ ዘለዎ መጠን ኣታዊ:**
ከም ጠርናፊ መጠን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተወሰነ ኣታዊ ሃልዩካ ኣብ ዝቕጽል ዓመት ከኣ ክንድኡ ዝኸውን ኣታዊ ከም ዝህልወካ ከተረጋግጽ ኣሎካ። እቲ መጠን ኣታዊ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.udi.no ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኸኣ በቲ ውዕል ናይ ስራሕካ ወይ ካብታ እተመልክተላ ዕለት ብናይ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ቅብሊት ደሞዝካ ክረጋገጽ ይኽእል። UDI ከኣ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ግብርኻ(ምውርራድ ግብሪ) ክፍትሽ እዩ።



# ምስ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ውላድካ

**ውላድካ ከማልኦ ዝግብኦ ቅጥዕታት:**
ኣብ ኖርወይ ከም ስደተኛ ተዓቒብካ ትነብር ምስ ትኸውን፡ UDI ነቲ ንጥርናፈ እትሓተሉ ዘሎኻ ውሉድካ ፓስፖርት ኣይሓቶን እዩ። ፓስፖርት ምስ ዘቕርብ ግና ጠቓሚ እዩ። ኣብ ኖርወይ ከም ስደተኛ ኣፍልጦ ዘይተዋህበካ ምስ ትኸውን ግና እቲ ውሉድካ መረጋገጺ መንነት ከቕርብ ኣለዎ። እቲ ውሉድካ ብቑዕ ፓስፖርት ምስ ዝህልዎ ኸኣ እዚ ከም መረጋገጺ መንነቱ ቅቡል እዩ።
ኣደ ናይቲ ውሉድካ ኣብ ኖርወይ ምስ ዘይትህሉን እቲ ጥርናፈ ኸኣ ዘይምልከታ ምስ ትኸውንን ግና እቲ ውሉድ ኣብ ኖርወይ ንኽነብር ዝተሰማምዐት ክትከውን ኣለዋ፡ ፡ እዚ ቅጥዒ ነቶም ናይ ሓባር ጠዋርነት(መጕዚትነት) ዘለዎም ወለዲ ጥራይ ዝምልከት እዩ።

**ካባኻ ማለት ካብቲ ጠርናፊ እንታይ ይጥለብ:**
እቲ ህጻን ትሕቲ 15 ዓመት ምስ ዝኸውንን ክልቲኦም ወለዱ ኸኣ ኣብ ኖርወይ ዝነብሩ ምስ ዝኾኑን እቲ ንኣታዊታት ዝምልከት ቅጥዒ ኣይምልከተኩምን እዩ።

**ኣብ ኖርወይ ከም ስደተኛ ትነብር ክነስኻ ክልቴኹም ወለዲ ኣብ ኖርወይ ዘይትህልዉ ንኣታዊ ዝምልከት ቅጥዒ:**
ካብቲ ንኣታዊ ዝምልከት ቅጥዒ ነጻ ንምዃን እቲ ጥርዓን ንጥርናፈ ካብታ ከም ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ ዝረኸብካላ ዕለት ጀሚሩ **ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት** ዝቐረበ ክኸውን ኣለዎ፡

**ኣብ ኖርወይ ከም ስደተኛ ኣፍልጦ ከይተዋህበካ ትነብር ምስ ትኸውን:**
ከም ጠርናፊ መጠን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተወሰነ ኣታዊ ሃልዩካ ንዝቕጽል ዓመት ከኣ ተመሳሳሊ መጠን ኣታዊ ከም ዝህልወካ መረጋገጺ ከተቕርብ ኣሎካ። እዚ መጠን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት www.udi.no ክትረኽቦ ትኽእል። እዚ ኸኣ በቲ ውዕል ናይ ስራሕካ ወይ ኣብታ ዘመልከትካላ ዕለት ብናይ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ቅብሊት ደሞዝካ ክረጋገጽ ይኽእል። UDI ከኣ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝኸፈልካዮ ግብሪ (ምውርራድ ግብሪ) ክፍትሽ እዩ።

## ምስ ልዕሊ 18 ውሉድካ

**ነቲ ኣመልካቲ ማለት ንውላድካ ዝምለከቶ ቅጥዕታት:**
እቲ ውሉድካ መረጋገጺ መንነት ከቕርብ ኣለዎ፡ እቲ ውሉድካ ብቑዕ ፓስፖርት ምስ ዝህልዎ ኾኣ ከም መረጋገጺ መንነት ቅቡል እዩ።
ልዕሊ 18 ንዝዕድሚኦም ድማ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ቅጥዕታት ይምልከትዎም::
እቲ ህጻን ኣብ መንጎ 18ን 21ን ዓመት ዝዕድሚኡ ኾይኑ ዘይተማርዓወን ምስኡ እትነብር መጻምድቲ ዘይብሉን ክኸውን ኣለዎ።
ንስኻ፡ እቲ ውላድ ወይ ከኣ ኣደ ናይቲ ህጻን ከምኡ ድማ ኩሎም ኣሕዋትን ኣሓትን ናይቲ ውላድ ኣብ ኖርወይ ክነብሩ ወይ ክኸዱ እዮም። እቲ ውላድ ምሳኻን ምስ ወላዲቱን ኣብ ቤትካ ክነብር፡ ብክልቴኹም ከኣ ዝጥወር ኮይኑ ንርእሲኡ ዘይተመርዓወን ምስኡ እትነብር መጻምድቲ ዘይብሉን ክኸውን ይግባእ። ብተወሳኺ ኾኣ ካብቲ ስድራኹም ወጻኢ ምስ ስራሕ ኮነ ትምህርቲ ዝተኣሳሰር ዝተፈልየ ህይወት ዝመስረተ ክኸውን ኣይግባእን።
እቲ ውላድ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ኣለዎ። ንስኻን ወላዲቱን ጥራይ ሓላፍነት ምእላይ ናይቲ ውላድ ትስከሙ። ምስዚ ብምትእስሳር ከኣ እቲ ህጻን ዘለዎ ኣማራጺታትን ኣብቲ ዘለዎ ቦታ ጥዕናዊ ክንክን ከረኽበሉ ዘይክእለሉ ምኽንያታትን ኣነጺርኩም ምግላጽ ከገድስ እዩ። እዚ ብተወሳኺ ነቶም ልዕሊ 21 ዝዕድሚኦም ይምልከቶም እዩ።

**ካባኻ ማለት ካብ ጠርናፊ ዝጥለብ እንታይ እዩ:**
ስደተኛ ኩን ኣይትኹን ንኣታዊ ዝምልከት ቅጥዒ ይምልከተካ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተወሰነ ኣታዊ ሃልዩካ ንዝቕጽል ዓመት ከኣ ተመሳሳሊ መጠን ኣታዊ ከም ዝህልወካ መረጋገጺ ከተቕርብ ኣሎካ። እዚ መጠን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት www.udi.no ክትረኽቦ ትኽእል። እዚ ኾኣ በቲ ውዕል ናይ ስራሕካ ወይ ኣብታ ዘመልከትካላ ዕለት ናይ ዝሓለፈ ሰልስተ ኣዋርሕ ቅብሊት ደሞዝካ ከረጋገጽ ይኽእል። UDI ከኣ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝኸፈልካዮ ግብሪ(ምውርራድ ግብሪ) ክፍትሽ እዩ።
ኣብ ከምዚ ኩነታት ከኣ ኩነታት ናይቲ ውላድ ከምኡ ድማ UDI ስለምንታይ ጥርናፈ ክፈቅድ ከም ዘለዎን ብጽሑፍ ምግላጽ ዝድገፍን ዝምከርን ሓሳብ እዩ።

## ምስ ወለድኻ ከምኡ ድማ ምስ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣሕዋትካን ኣሓትካን

**ቅጥዕታት ንኣመለከትቲ ማለት ወለዲ፣ ኣሕዋትን፣ ኣሓትን:**
ከም ሓፈሻዊ መምርሒ፡ ንጥርናፈ ስድራ ዘመልከቱ ኩሎም መረጋገጺ መንነቶም ከቕርቡ ይግባእ:: እቲ ኣመልካቲ ሓለዋ ዘድልዮ ስደተኛ ምስ ዝኸውን ከኣ UDI ነዚ ኣብ ግምት ከእቱ ይኽእል እዩ:: ኣመልከትቲ ከቕርብዎ ዝግብኦም ሰነዳት፡ ማለት እቲ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ሰነዳት፡ ኣብ መርበባት ሓበሬታ UDI ተዘርዚሩ ኣሎ::
ወለዲ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ቅጥዕታት ከማልኡ ይግባእ:

ንስኻ፡ ከም ህጻን ትሕቲ 18 ዓመት ኣብ ኖርወይ ዑቕባ ዝተዋህበካ ክትከውን ኣሎካ:: ወለዲኻ ኾኣ ምሉእ ወይ ከፊላዊ ሓላፍነትካ(መጕዚትነት) ዝስከም ክኸውን ይግባእ:: እቲ ወላዲኻን ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ኣሕዋትካ ኮነ ኣሓትካ ኣብ ኖርወይ ምሳኻ ክነብሩ ኣለዎም::
ወለድኻ ፍቱሓት ምስ ዝኾኑ ከኣ እቲ ሃገርካ ሓዲግካ ቅድሚ ምውጻእካ ምስኡ ትነብር ዝነበርካ ወላዲ ጥራይ እዩ መሰል ንጥርናፈ ዝህልዎ። ምስ ክልቲኦም ወለድኻ ትነብር ኔርካ ምስ ትኸውን ከኣ ክልቲኦም መሰል ንጥርናፈ ኣለዎም::

**ካባኻ ካብ ጠርናፊ ዝጥለብ እንታይ እዩ:**
ዑቕባ ዝረኸብካ ክትከውን ኣሎካ። እቲ ጥርዓን ንጥርናፈ ወለድኻ ኮነ ኣሕዋትካን ኣሓትካን ከኣ ንስኻ 18 ዓመት ቅድሚ ምምላእካ ናብ ኤምባሲ ክቐርብ ኣለዎ::

# ምስ ወለዲ፣ ንስኻ ልዕሊ 18 ዓመት ምስ ትኸውን

**ኣመልከትቲ ማለት ወለዲ፡ ኣሕዋትን ኣሓትን፡**
ወለድኻ መረጋገጺ መንነቶም ክቕርቡ ይግባእ፡ ብቑዕ ፓስፖርት ምስ ዝህልዎም እዚ ከም መረጋገጺ መንነት ቅቡል እዩ።
ሰነድ ዝምድና ንኣብነት ምስክር ወረቐት ትውልዲ ወይ ምስክር ወረቐት ጥምቀት፡
፡ ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይዚ ቅጥዕታት ኣብ www.udi.no ኣሎ።
ወላዲኻ ልዕሊ 60 ዝዕድሚኡ ክኸውን ኣለዎ።
ወላዲኻ ሰበይቲ ኮነት ምስኡ እትነብር መጻምድቲ ዘይብሉ ክኸውን ኣለዎ።
ወላዲኻ ንርእሲኡ ኣብ ሃገርኩም ወለዲ፡ ውሉድ ኮነ ደቂ ደቂ ዘይብሉ ክኸውን ኣለዎ።

**ካባኻ ካብ ጠርናፊ ዝጥለብ እንታይ እዩ፡**
ዑቕባ ዝረኸብካ ወይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ዘሎካ ክትከውን ይግባእ። ኣብ ሰብኣውነት ዝተመርኮሰ መንበሪ ፍቓድ ምስ ዝህልወካ ኸኣ እቲ መንበሪ ፍቓድካ ገደብ ዘይተገብረሉ ክኸውን ኣለዎ።
ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተወሰነ ኣታዊ ሃልዩካ ንዝቕጽል ዓመት ከኣ ተመሳሳሊ መጠን ኣታዊ ከም ዝህልወካ መረጋገጺ ከተቕርብ ኣሎካ። እዚ መጠን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት www.udi.no ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኸኣ በቲ ውዕል ናይ ስራሕካ ወይ ኣብታ ዘመልከትካላ ዕለት ናይ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ቅብሊት ደሞዝካ ክረጋገጽ ይኽእል። UDI ከኣ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝኸፈልካዮ ግብሪ(ምውርራድ ግብሪ) ክፍትሽ እዩ።
ወላዲኻ ምስ መጸ ዝነብረሉ ቤት ክህልወካ ወይ ክትካረየሉ ኣሎካ።

# ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ንስኻ ልዕሊ 18 ዓመት ምስ ትኸውን

**ካብ ኣመልከትቲ ማለት ካብ ኣሕዋትካን ኣሓትካ ዝጥለብ እንታይ እዩ፡**
እቲ ኣመልካቲ መረጋገጺ መንነቱ ከቕርብ ኣለዎ፡ ብቑዕ ፓስፖርት ምስ ዝህልዎ ኸኣ ከም መረጋገጺ መንነት ቅቡል እዩ።
እቲ ሓውኻ ወይ ሓፍትኻ ትሕቲ 18 ዝዕድሚኡ ክኸውን ይግባእ።
እቲ ሓውኻ ወይ ሓፍትኻ ኣብ ሃገሩ ኮነ ኣብቲ ዝነብረሉ ቦታ ወለዲ ወይ ኣለይቲ ዘይብሉ ክኸውን ኣለዎ።

**ካባኻ ካብ ጠርናፊ ዝሕተት እንታይ እዩ፡**
ንስኻ ኣላዩ ምኺንካ ኖርዌጅያን ቻይልድ ዌልፌር ሰርቪስ (ማሕበር ድሕነት ህጻናት ኖርወይ) ኣፍልጦ ሂቡ ዘፍቀደልካ ክትከውን ኣሎካ።
ዑቕባ ዝረኸብካ ወይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ዘሎካ ክትከውን ይግባእ። ኣብ ሰብኣውነት ዝተመርኮሰ መንበሪ ፍቓድ ምስ ዝህልወካ ኸኣ እቲ መንበሪ ፍቓድካ ገደብ ዘይተገብረሉ ክኸውን ኣለዎ።
ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተወሰነ ኣታዊ ሃልዩካ ንዝቕጽል ዓመት ከኣ ተመሳሳሊ መጠን ኣታዊ ከም ዝህልወካ መረጋገጺ ከተቕርብ ኣሎካ። እዚ መጠን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት www.udi.no ክትረኽቦ ትኽእል። እዚ ኸኣ በቲ ውዕል ናይ ስራሕካ ወይ ኣብታ ዘመልከትካላ ዕለት ናይ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ቅብሊት ደሞዝካ ክረጋገጽ ይኽእል። UDI ከኣ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝኸፈልካዮ ግብሪ(ምውርራድ ግብሪ) ክፍትሽ እዩ።
እቲ ሓውኻ ወይ ሓፍትኻ ምስ መጹ ዝነብርሉ ቤት ክህልወካ ወይ ክትካረየሎም ኣሎካ።

## ካልኦት ኣባላት ስድራ

ብዘይካ እዞም ኣብዚ ጽሑፍ ዝተጠቐሱ ካልኦት ኣባላት ስድራ ጥርናፈ ክምለከቶም ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። እዚ ክፍቀደልካ ዝኽእል ከኣ UDI ኣብ ጉዳይካ ፍሉይ ሰብኣዊ ኩነታት ኣብ ግምት ከእቱ ምስ ዝውስን ጥራይ እዩ። ጽዑይ ምርመራ ናይ ነፍሲወከፍ ጉዳይ ስለ ዘድሊ ድማ ብዛዕባ ጥርናፈ ካልኦት ኣባላት ስድራ ዝምለከት UDI ሓፈሻዊ ርእይቶ ክህብ ኣይክእልን። ንኻልኦት ኣባላት ስድራ ጥርናፈ ክትሓትት ምስ ትደሊ ንምኽርን መምርሕን ንUDI ወይ SEIF ተወከስ።



# መልሲ እትደልየሉ ሕቶታት

IV

**ሰነድ ወይ ካልእ ነገር ምስ ዝኃድል UDI ይውከሰኒዶ?**
እቲ ጥርዓን ኣብ መስርሕ ወይ እናተራእየ እንከሎ ዝኾነ ሰነድ ምስ ዝኃድል UDI ክውከስኒ እዩ ኢልካ ኣይትቐሰን ማለት ክውከሰካን ዘይክወከሰካን ዘተኣማምን ኣይኮነን። እቲ ዘድሊ ወይ ካብቲ ኣብ ቀጥዒ ዘሎ ሰነዳት ምስ ዝኃድል እቲ ጥርዓንካ ክንጸግ ይኽእል እዩ።

**ናይቲ ጥርዓን ምላሽ ንምርካብ ነዊሕ ግዜ ዝውሰዱሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?**
ገምጋም ግዜ መስርሕ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ዘርኢ ቀማሪ ኣብ www.udi.no ኣሎካ። ይኹን እምበር እቲ መስርሕ ብዝተፈላለየ ረቛሒታት ክጽሎ ይኽእል እዩ፡ ፡ ንኣብነት UDI ብዙሕ ጥርዓናት ተቐቢሉ ይኸውን እሞ ነቲ መስርሕ ዝወስደሉ ግዜ ክውስኽ ይኽእል። ብዘይካ እዚ እቲ ጉዳይካ ንዝያዳ ሕቶን መልስን ናብ ፖሊስ ወይ ናብ ኤምባሲ ተመሊሱ ይኸውን እሞ ንስኻ ኮነ ኣባላት ስድራኻ ንቓለ-መሕተት ክሳዕ ትጽውዑ ክድንጉ ይኽእል። ኣብ ገለ እዋናት ከኣ UDI ኣብ ጉዳይካ ከረጋግጾ ዝደሊ እንተሎ ምድንጓያት ክፍጠር ይኽእል።

**ኣነን ስድራይን ዲ.ኤን.ኤ ምርመራ ክንገብር ዘድልየና ስለምንታይ እዩ?**
ብ ገለ ሃገራት ንሰበስልጣን ኖርወይ ተቐባልነት ዘለዎ ብቑዕ ምስክር ትውልዲ ወይ ካልእ ሰነዳት ምርካብ ኣጸጋሚ እዩ። ስለዚ ኸኣ UDI ኣብ ገለ ጉዳያት ንጠርናፍን ንኣመልካትን ምርመራ ዲ.ኤን.ኤ ክገብሩ ይሓቶም እዩ። Iመብዛሕትኡ እዋን ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ንዝመጹ ጉዳያት ምርመራ ዲኤንኤ ይሕተት፣ ኣፍጋኒስታን፡ ሶርያ፡ የመንን ኩለን ኣብ ትሕቲ-ሰሃራ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪቃ ብዘይካ ደቡብ ኣፍሪቃ።

**ሓገዝ ደልየ፣ ንቓለ-መሕተት ናብ ፖሊስ ቆጸራ ተጸዊዐ ኣለኹ! ስለምንታይ እዩ?**
UDI ዝያዳ ሓበሬታ ምስ ዝደሊ ፖሊስ ንኽዘራርቡኻ ክሓትት ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ እዋን እቲ ዝምድና ንጹር ምስ ዘይከውን ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድሊ ዝግበር እዩ። ናብ ከምዚ ቃለ-መሕተት ምስ ትጽዋዕ ኸኣ እቲ ዘጠራጥር ኩሉ ንምንጻር ነቲ ሕቶታት ዘርዚርካ ክትምልስ ኣገዳሲ እዩ።

**መልሲ ጥርዓን ቅድሚ ምርካብና እቲ ኣባል ስድራ ኣድራሻ ምስ ዝቕይር እንታይ ይኸውን?**
Iእቲ ጥርናፊ ሓቲትካሉ ዘሎኻ ሰብ ካብ UDI መልሲ ጥርዓንኩም ቅድሚ ምርካብኩም ኣድራሻ ምስ ዝቕይር፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንኤምባሲ ወይ ቆንስል ከፍልጥ ይግባእ። ከምዚ ምስ ዘይገብር ግና UDI መልሲ ዘይክህበካ ይኽእል እዩ። እዚ ንዓኻ ማለት ኣብ ውሽጢ ኖርወይ ኣድራሻ ምስ ትቕይር ድማ ይምልከተካ እዩ። በታ ምቕያርካ ንመዝገብ ሰባት- Folkeregisteret- ምስ ትሕብር ግና ንUDI ብቐጥታ ይበጽሖ እዩ።

**ካብ ስድራይ ንነዊሕ ግዜ ተፈላልየ እየ እሞ ጉዳየይ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ቀልጢፉ ክሳለጠለይ ይኽእልዶ?**
ስድራኻ ቀዳምነት ተዋሂብዎም ኣብ ቅድሚት ንኽስርዑ UDI ኣብ ጉዳይካ ኣዝዩ ፍሉይ ነገራት ክርኢ ኣለዎ። ከም ናይ ሞትን ህየትን ወይ ከቢድ ሕማም ወይ ቀብሪ ዝኣመሰለ ኩነታት ኣብ ግምት ዝኣቱ እዩ። ከምዚ ንምግባር ከኣ ደብዳቤ ጽሒፍካ ምስቲ ናይ ሕክምና ወረቓቕቲ ኣተሓሒዝካ ኣብቲ ናይ ጥርዓንካ ፖርታል ኣእትዎ። ብቛንቋ ኖርወይ ወይ እንግሊዝኛ ዘይተጻሕፈ ናይ ሕክምና ወረቐት ብሕጋዊ ተርጓሚ ተተርጕሙ ክቐርብ ኣለዎ (ስምን ናይ ተርጓምን ኣበይ ከም ዝተተርጎመን ክጥቀስ ኣለዎ)።

# ኣገዳስቲ ቓላት

**ሕጋዊ ወኪል፡** ኣብ ክንዳኻ ኮይኑ ንጥርዓንካ ዘካይደልካ ምስ ትደሊ ከም ሕጋዊ ወኪል ወይ ወዳእ ነገር ክትምዝዞ ኣሎካ። እዚ ኸኣ ኣስራሒኻ፡ ኣባል ስድራቤትካ ወይ ካልእ እትኣምኖ ሰብ ክኸውን ይኽእል።

**ሕጋዊ ውክልና ዝሓዘ፡** እቲ ኣብ ክንዲ ካልእ ሰብ ኮይኑ ንኸሳልጥ ሕጋዊ ውክልና ዝተቐበለ።

**NAV** ዝብሃል ንጉዳያት ዕዮን ድሕንነትን ሓላፍነት ዝወሰድ ኣካል መንግስቲ ኖርወይ እዩ። ገለ ካብቲ ዝዓሞም ስርሓት ከኣ ንጥርዓን ሰራሕተኛታት ምስማዕ፡ ኣበል ስራሕ-ኣልቦነት፡ ኣበል ስልጠና ስራሕ፡ ጥሮታ፡ ደገፍ ህጻናትን ደገፍ ገንዘብን ይምልከት። ዕላማ ናይ NAV ኸኣ ብዙሓት ሰባት ኣብ ስራሕ ክዋፈሩን ውሑዳት ጥራይ ከኣ ኣብ መደባት ድጋፍ ንኽህልዉን ምግባር እዩ። ኣብ ኖርወይ ዝርከብ ክፉት ስራሕ ኣበይ ከም ዘሎ ሓፈሻዊ ኣመት ዘለዎ ኮይኑ ስልጠናን ልምምድን ድማ ይህብ።

**ብምልኣት ዝረጋገጽ፡** ትሕዝቶ ናይ ሓደ ሰነድ ክረጋገጽ ምስ ዝኽእል እዩ፡ ፡ ብምልኣት ዝረጋገጽ ክበሃል እንከሎ እታ ዝምልከታ ሃገር ኣብቲ ሰነድ ንዘሎ ሓበሬታ እተረጋግጸሉ ጽቡቕ ሜላ ክህልዋ እንከሎን እቲ ሓበሬታ ኸኣ ኣብ ወግዓዊ መዛግብቲ ናይቲ ሃገር ዝተመዝገበ ክኸውን እንከሎን እዩ።

**ጠርናፊ፡** እቲ ኣብ ኖርወይ ዝነብር ዘሎ ሰብ ኮይኑ ቤተሰቡ ክጥርንፍ ዝደልን ቤተሰቡ ምስኡ ክጥርነፉ ዝደልዩን ሰብ እዩ።

**ምኽፋል ግብሪ፡** ምውርራድ ግብሪ ተባሂሉ ድማ ዝፍለጥ ኮይኑ ክንደይ ግብሪ ክትከፍል ምዃንካ፡ ክንደይ ከም ዝኸፈልካ ወይ ካብቲ ግብሪ ክንደይ ጎዲልካ ከም ዘሎ ከምኡ ድማ መጠን ኣታዊኻን ተረፍ ግብርኻን ዝርኢ እዩ። ምውርራድ ግብሪ ብተወሳኺ ብጠቕላላ ክንደይ ኣታዊታትን ሃብትን ከም ዝጸንሓካ፡ ደረጃ ግብርኻን ተኸፊሉካ ዘዕረፍካዮን የርኢ።

**ኣመልካቲ፡** እቲ ካብ ኖርወይ ወጻኢ ኮይኑ ምስቲ ኣብ ኖርወይ ዘሎ ቤተሰብ ክጥርነፍ ዝደሊ ሰብ እዩ።

**ቀጥዒ መካየዲ(መእለዪ)፡** እቲ ኣመልካቲ ምስቲ ኣብ ኖርወይ ዘሎ ቤተሰብ ምስ ተጠርነፈ፡ እቲ ኣብ ኖርወይ ዘሎ ጠርናፊ ቀዋሚ እቶት ከም ዘለዎ ከረጋግጽ ዝግብኦ እዩ።

**ውሳነ፡** ጥርዓንካ ተቐባልነት ከም ዝረኸበ ወይ ከም ዝተነጽገ ዝነግር ካብ UDI ዝውሃበካ ደብዳበ እዩ። እቲ ጥርዓንካ ምስ ዝንጸግ ከኣ ምኽንያት መንጸጊኡ ከምኡ ድማ እቲ ጉዳይ(ውሳነ) ዳግማይ ንኽርአ ብኸመይ ከም ትጠርዕን ዝነግር ሓበሬታ ኣብቲ ደብዳበ ተጠቓሊሉ ክትረኽቦ ኢኻ።

Røde Kors
Postboks 1, Grønland
0133 Oslo

Post@redcross.no
rodekors.no

Design & Layout: Bold / Roar Sager

rodekors.no